# <u>ብሩህ መጻኢ ሃገራት ኣብ ኢድ መንእሰያት'ዩ</u>

መንእሰይ ሞተር ሕብርትሰብ፡ ናይ ለውጢ ሓይሊን፡ ዓንዲ ሕቖ ሕበረተሰብን ምዃኑ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣመስኪሩ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ኣብ ዋዕላ መንእሰያት 1998 ኣብ ሊዝበን-ፖርቱጋል- ከመዚ ዝስዕብ ዝገለጸ።

> *"ዝኾነ ዜጋ ምስ መንፉዓቱ  ኣይፍጠርን ዝኾነት ሃገር'ውን ዲሞክራሲያዊት ኮይና ኣይትፍጠርን ።እንታይ ደአ ክልቲኦም ዘየቋርጽ መስርሕ ስለዘለዎም፡ መንእሰያት ካብ ግዜ ንእስነቶም ኣብ ኩነታት ሃገሮም ክሳተፉ ይግባእ።ንተሳትፎ መንእሰያት ትዓግት ሃገር ህላዌአ ትሃሲ እናደመየት ከአ ናብ ሞት ተምርሕ"*

ነዚ ሓቅታት ንድሕሪት ገዲፍና እሰከ ሕጂ ናብ ክውንነት ሃገርና ንመለስ። ኣያታትናን ኣቦታትናን፡ ንናጽነት ህዝብን ሃገርን፡ ዕድመ ንእስነቶም ከፊሎም ናጽነት ኣውሒሶም። ነዚ ናጽነት ዘውሓሰ ወለዶ፡ ፍቕሪ  ሃገርን ህዝብን ናጽነትን  ንኸሓድሮ ውርሻ ቅድሚኦም ዝነበሩ ወለዶ እዩ። ስለዚ ሓደ ወለዶ ነቲ ስዒቡ ዝመጽእ ወለዶ እናውረሶ ህላውነት ሃገርን ህዝብን ይቕጽል። ህያው ኣብነት ናይዚ፡ ካብ በዙሕ ብውሕዱ ኣቶ ወልድአብ ወልደማርያምን ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረን ኣብ ኣርባዓታት ዝበልዎ ምጥቃስ ይከኣል። ንሳቶም ናጽነት ማለት ናጽነት ሃገርን ህዝብን እምበር ናጽነት መሬት ጥራይ ኣይኮነን ክብሉ ንትርጉም ናጽነት ንሰረገላ ግዜ ብዝቀደመ ልቦና ዝመልኡ ኣገላልጻ ንሞራልን ናይ ቃልሲ ወንን ናይ ሽዑ መንእሰያት ኣበራቢሮም እዮም። ኣቶ ውልድኣብ ንኣብነት

> *"ኣነ ንርእሰይ ኣብ ብዙሓት መንእሰያት ሓቀኛ ናይ ሓርነት መንፈስ ተንሲኡ ከምዘሎ ኣይጠራጠርን፡እዚ ድማ ባህ ዘብል ነገር ኢዩ።ግናኸ፡እዞም ንቑሓት መንእሰያት እዚአቶም፡ጽቡቅን ግቡእን ዝኾነ ነገር-ምምራሕ ኣይረኸቡን ኣለዉ። ነዞም መንእሰያት፡ናብ ታሕቲ ምድቋሶም ዘይኮነ፡ናብ ላዕሊ ኣቢልካ ምምራሖም፡ካብቲ ድሕንነቶም ዘይደሊ፡ፍቅሪ ሃገር ዘይደሊ፡ፍቅሪ ሃገር ተጎልቢቡ ንረብሓኡ መንገዲ ዝጸርግ እኩይ መንፈስ ከኣ ምዕቃቦም ምተገብኣ።"*

ክብሉ ማዕድኦም ኣመሓላልፎም ነይሮም።

እዞም ኣቦታት ነቶም ናይቲ ዘመን መንእሰያት ፍቕሪ ሃገር ትርጉም ናጽነትን ኣስሪጾም ኣርኣያ ኮይኖም ሓሊፎም። እቲ ናይ ሽዑ መንእሰይ ድማ በቲ ዝመሰሎ መንገዲ ነቲ ዕላማታትን ሃረርታን ናይ ህዝቡ ንምርግጋጽ ተቃሊሱ ሰንኪሉን ሙሉእ ሞቅነን ናይ ሂዎቱ ወፍዩ። ሳላዚ ድማ ኤርትራ ሉዓላዊት ሃገር ኮይና ኣብ መዛግብቲ ዓለም ከምትሰፍር ኮይና።

ናይ ሎሚ መንእሰያት'ከ እንታይ ወሪሶም ወይ ይወረሱ ኣለዉ? ድሕሪ ናጽነት ሃገርና እቲ ሓይሊ ኮይኑ ከገልግል ዝኽእል መንእሰይ ዝግባእ ውርሻ ዘረክቦን ኣርኣያ ኮይኑ ዝመርሖን ረኺቡዶ? "ዋርሳይ" ተባሂሉ ክጽዋዕሲ ንሰምዕ ኣሎና፡ እንታይ ስለዝወረሰ ይኸውን? ***"መን ይንገርካ ዝውዓለ፡ መን የርድእካ ዝቐበረ"*** ከም ዝብሃል ኣይ-ሞተ፡ ኣይ-ጸነተ እቲ ግዳይ ባዕሉስኪ ይዛረብ።

ድሕሪ ናጽነት፡ መንእሰይ ሃገሩ ንምህናጽ ካብ ዚነበሮ ህንጡይነት ንኹሉ መደባት ልምዓት ንምዕዋት ብሓጎስ'ዩም ነቒሎም። ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ ዝእወጅ ኣትሒዞም መንእሰያት ን18 ኣዋርሕ ግብኦም ንምፍጻም ብድልየቶም በብዙርያ ንመዓስከር ሳዋ ክወሕዙ ጀመሩ። ከም እንደገና  ቤተሰቦምን ስርሖምን ገዲፎም ንተሓድሶ ወፊሮም። ምስ የመንን ሱዳንን ኣብ ዝተኻየደ ኵናት ተሰዊኦምን ቆሲሎምን። "ወፈራዊ ልምዓት" ብዝብል ኩሉ መንእሰይ ንመሮር ክወፍር ተኣዚዙ፡ ትእዛዝ መንግስቲ ከየዕበረ ወፊሩ። ኲናት ምስ ኢትዮጵያ ምስተወለዓውን ብዘይ ዕጥይ ምጥይ ብተወፋይነት ተሰዊኡን ቆሲሉን።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዝርከብ ካብቲ እዚ ሓድሽ ወለዶ ዘበርከቶ ገለ ከፋሉ'ዩ። እቲ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግን ግቡእ ዶ ኔሩ? ንመንእሰይ ስነ-ኣእምሮአዊ ስነ-ምግባራዊ ኣካላዊን ሞራላዊን ብቕዓት ዘረጋግጽ ኔሩ ዶ? ውርሻ ሃገሩን ህዝቡን ዘኽብር ንመሰሉን መሰል ህዝቡን ክጣበቕ ዝኽእል ተባዕ መንእሰይ'ከ ኣፍርዩ'ዶ? መንእሰይ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣበርኪትዎ

ተባሂሉ ዝዝረበሉ ልምዓታዊ ስርሓት ብደረጃ ሃገር እንተተራእዩ እቲ ናይ ብሓቂ ቁጠባዊ መኽሰብ ኣራጋጊጽ'ዶ?

ኣብ ሳዋ ዝውሃብ ታዕሊም ንመንእሰይ ካብ መሳርሒ ዝናት ምግባሩ ካልእ ዝምሃሮ ነገር ኔሩ'ዶ? ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምሽማሙ መጻኢ ኣንፈቱ ዘይፈልጥ፡ ርእሰ-ተኣማንነት ዝጎደሎ ንኽከውን'ዶ ኣይኮነን ተፈሪድዎ! ከምሳዕቤኑ ስነ-ምግባር ኣልቦን ኢ-ሰብኣዊን ስሱዕን ምእዙዝን እንተኮይኑ ከምዘዋጽኦ ንምምሃሩ'ዶ ኣይኮነን ደይ መደይ ተባሂሉ ተፋሒሱሉ ዘሎ!

ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ሃሊቖም እዮም። እዚ መወዳእታ ዘይብሉ ጊልያነት መንእሰያት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጡ ንምስምዑ ዘስካሕክሕ በደላትን'ውን ሓቑፉ ኣሎ። መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ኣሓትና ዝጣበቀለን ስለዘየለ ብገለ ሕልና ዘይብሎም ኣዘዝቲ ሰራዊት ብዘይድልየተን ተዓሚጸንን ይዕመጻን ኣለዋ። እዚ ድማ ነዘን ዕሽላት መንእሰያት ኣሓትና መንነተን ሓኺኹ፡ ተስፍአን ኣማህሚኑ ዘርምዘርሞ ጌርወን ኣሎ። ስንብራቱ ካኣ ቀሊል ከምዘይኮነ ንኹላትና ርዱእ'ዩ። ደቂ ተባዕትዮውን እንተኾኑ ኮብሊልኩም፡ ዝመሰለኩም ተዛሪብኩም፡ መሰልኩም ሓቲተኩም ተባሂሎም ዘስካሕክሕ ግፍዒ ይበጽሖም ኣሎ። ድሮ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ብብረት እቶም "ኣሕዋትና" ኢሎም ዝኣመንዎም ተቐቲሎምን ይቕተሉን ኣለው። ካልኦት ኣሽሓትውን ኣብ ጎዳጉዲ ማእሰርትታት ብዘይ ገለ ፍርዲ ይሳቐዩን ይማስኑን ኣለዉ።

እቲ ሓቂ እዚ ስለዝኾነ ከኣ'ዩ መንእሰያት ፈንጂ ከየፍርሖም፡ ብረቶም ራሕሪሖም ናብቲ ትማሊ ዝገጠምዎ መንግስቲ ዝገበረ ይግበር ብምባል ኢዶም ዝህቡ፤ ዘስካሕክሕ ሃሩርን ጽምእን ምድረበዳ ማዓሙቕ ቀላያትን ውቅያኖሳትን ከየፍርሆም ናብ ሃገራት ኤውሮጳን ኣሜርካን ዝሰግሩ፤ ናብ ሃገር ንኽይምለሱ ናይ ሊብያ ኣይሮፕላን ዝጨውዩ፤ ሕልናና እስኪ ንመርምር ነዚ ኩሉ ክገብሩ ዝተገደዱ'ስ ኣብ ሃገሮም ኤርትራ ፍትሕን ዲሞክራስን፡ ሸብዳዕዳዕን ቐበጥበጥን ስለዝበዝሖም'ዶ ይኸውን?

ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ወተሃደራዊ ማዓስከር ሳዋ ኣትዮም ክምሃሩ ተበይንዎም ይርከብ። ***"ካብ ጸባ ዘይተረኽበስ ካብ ማይጨባ ከምዝብሃል"***፡ ተማሃሮ ብሰንኪ ዘሎ ኩነታት ናይ ትምህርቲ ሽውሃቶም ስለዘንቆልቆለ ኣብትሕቲ ወለዶም ኮይኖም ክምሃሩ ዘይከኣሉስ ናብ ሳዋ ብወታሃደራዊ ኣገባብ ንክምሃሩ ምግዳድ ዓገብ'ዶ ኣይኮነን።

እዚ ከይኣክል ሃገራዊ ኣግልግሎት ካብ ዝጅምር ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ዝወርድ ዝነበረን ናይ ቃላትን ስነ-ኣእምሮን ዝናት እዚ ክብሃል ዘይካኣልዩ። ንኣብነት ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ዝተዛረቦ እንተሪኢና ንመንእሰያት ኮነ ኢልካ ርሶም ከድንኑ ዝገብርዩ። ***"ምዉት ወለዶ" "ማዳ ሃገር" "ዓዋሉ" "ልሙሳት"*** ብምባል ብኣልማማ ሰምይዎም'ዩ። እቶም ናብራ መሪርዎን ዝተሰደዱ ከይተረፈ ***"ደርሆስ ኣንዊሕካ እንተኣሰርካያስ ዝፈተሕካያ ይመስላ" "ቱሪስት ኢዮም"*** ተባሂሎም። ኣብ ዓዲ ኣቤቶ ዝተገበረ ሕልቂትውን እንተኾነ ኣብ ክንዲ ግቡእ መግለጺ ናይ ሓዘን ምሃብ መንግስቲ ብመንገዲ ምኒስትሪ ዜና ***"ብጋሚንደታትን ዓዋሉን ኢዮም"*** ዝብል መግለጺ ምስማዕ እንታይ ዝእምትዩ?

ድምር ናይዚ ኩሉ፡ ሕጂ ተመሊስና ክንሪኦ እንከሎና ግን እቲ ብጉልባብ "ብልጽግቲ ኤርትራ" ዝተኣወጀ ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከምቲ ህዝቢ ዝገመቶ ንረብሓ ሃገር ዘይኮነ ደይ መደይ ተባሂሉ መንእሰይ ንምርማስን ንምርዓድን ምእዙዝ ንምግባሩን ዝተገብረ ውዲት'ዩ። እዚ ብጉልባብ "ሃገራዊ ኣገልግሎት" "ልዑላውነት ሃገር ንምኽባር" እንዳ ተባህለ መንእሰይ እቲ ብፈጣሪ ዝተዋህቦ ናይ ሂወቱ ሞኽንን ንነብሱ ዝጠቅም ነገር ከየፍረየሉ ንኽበሊ ተበየኑሉ ዘሎዩ ዝመስል።

መንእሰይ ደኣ'ሞ ኣየውረሱንን ኢሉ ኢዱ ኣየጣመረን፡ ዘለዎን ዘይብሉን ክእለቱ ኣተሓባቢሩ ይቃለስን ይሰርሕን ኣሎ። እዚ ሕጂ እናሃመመን ሓይሉ እናደለበን ዝመጽእ ዘሎ ተሳታፍነት ሓድሽ ወለዶ ኸኣ ሓደ ህያው ምስክር እዩ። ድሮ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ሰሜን ኣሜሪካ፡ ኣውሮጳን ኣፍሪቃን ዓጋቲ ዘይብሉ ቃልሶም ኣብ ምንጥጣፍ ይርከቡ ኣለው። ነዚ ማዕበላዊ ጉዕዞ ቃልሲ ወለዶና ዝኸውን መተባብዒ ኣቦሓጎታትና ከነቕልበሉ ኸኣ ይግባእ። ሓርበኛ ኣቶ ዓብደልቃድር ከቢረ ዝሃቡና ሓደራ ዝበሉና እስከ ንስማዕ፡

*“ዕላምኡ ክብሪ ኢዩ ዋጋ ክብሪ ድማ ህይወት ኢዩ፡፤ ዋጋስ ክኸፈሉ ኢዮም እቲ ዋጋ ግን ሕሱር ኣቕሓ-መሸጣ ኣይኮነን።እቲ ዘለዓለ ወድ-ሰብ ዝውንኖ፡ክቡርን ዋጋ አልቦን ደሙ እዩ- እዚ ድማ፡አብ ምዕራፋት ናይቲ ንፍትሒ ዝካየድ አህጉራዊ ቃልሲ፡ሓንቲ ገጽ ንምጽሓፍ እዩ ክኸፈል።እቲ ዕላማ ፍትሒ ምጭባጥ ወይ እናፈተንካ ምሟት ኢዩ።ኩነታትና እዚ ኢዩ።ዕላማና ኸአ ፍትሒ ኢዩ።”*

ኣብ መወዳእታ፡ ነቶም ቃንዛ መንእሰያትና ጎስዮም ዝጭፍሩን ዝስዕስዑን ዘለው ደቂ ሃገር ልቢ ይሃብኩም ካብ ምባል ሓልፍና እንብሎም የሎን። ንመንእሰያትና እነመሓላልፎ ለበዋ እንተሎ ግን ስደትን ስቕታን ፍታሕ ከምዘይኮነ ተገንዚብና ነቲ መውዳእታ ዘይብሉ ባርነት ንኸኽትም ወሳኒ ተራና መተካእታ ዘይብሉ ምዃኑ ተረዲእና ሻማ ሻማ ክንብል እዩ። እዚ ድሮ ተጀሚሩ ዘሎ ቃልሲ ናህሩ እናወሰኸ እንተኸይዱ ኣብ ዝሓጸረ እዋን መንእሰይ ኤርትራ ወናን መሰሉ ኾይኑ ንብሩህ መጻኢ ዎሎዱታት እተውሕስ፡ ከምቲ ሓርበኛ ኣቦና ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ዝበልዎ “ናጻን ሓራን ዲሞክራሲያዊትን ኤርትራ ንዘልኣለም ትንበር” ዝጭርሖኦ መሰላት ዜጋታታ እተኽብር ብልጽግቲ ኤርትራ ክንምስርት ምዃንና ዘጠራጥር ኣይኮነን።